# ኣዋጅ ጉባኤ ኤርትራውያን ኦክላንድን ከባቢኣን።

ንሕና ኤርትራውያን ተቐማጦ ኦክላንድን ከባቢኣን፡ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ኣቃልቦና፡ ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን ንልኡላውነት ሃገርና ክኸውን ከምዘለዎ ብምእማን፡ ንህሉው ኩነታትን ሃገርናን ከባብን ንምዝታይ፡ ሰፊሕ ህዝባዊ ዘተ ኣካይድና።

ጽኑዕ ህዝብና፡ ብውሕሉል ኣመራርሓ መንግስቱ እናተኣልየ ዘካይዶ ዘሎ መደብ ዋርሳይ ይከኣሎ፡ በቲ ሓደ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ፡ በቲ ሓደ ድማ ነቲ "ኣይሰላም ኣይኲናት" ውዲት ኣተኲሩ ብምሕላው ዘካይዶ ዘሎ ዓርሞሾሽ ምዕ ባሌ ንምኹላፍ፡ ናይ ዕሱብ ወያነን ዓንገልቱን መጻወድያታት እናጠሓሰ ዘመዝግቦ ዘሎ ታሪኻዊ ዓወታት ብዕምቀትን ኣንክሮትን ገምጊሙ።

ነዚ መረዳእታን ገምጋምን'ዚ ኣብ ግምት ብምእታው ድማ፡ ነዚ ዝስዕብ ውሳኔታት ብዓውታ ይእውጅ።

1. መንቀኛ ስርዓት ወያነ፡ ብመሰረት ኣዋጅ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣጽዲቑ ዝኣዎጆ ደረት ኣህጉራዊ ካርታ ዓለም ክልተ ሃገራት ተቐቢሉ፡ ካብ ኩሉ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ብቕጽበት ክወጽእ ንጽውዕ።

2. ስርዓት ወያነን መሻርኽቱን፡ ነቲ ኣብ ቅድሚ ዓለም፡ ክታሞም ብምንባር ዝኣተውዎ ውዕል ኣልጀርስ ከኽብሩን ክትግብሩን ይጽውዕ።

3. ነቲ ቀደም ዝነቃሕናሉ ብላይ ስልቲ፡ ኣብ ስጡም ስምረት ህዝቢ ኤርትራ ነቃዕ ንምፍጣር፡ ኣብ ሞንጎ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ፍልልይ ክስረጽ ዝካየድ ዘሎ እኩይ ውዲታት ወያነን መሻርኽቶምን ኣጥቢቕና ኘኹንን።

4. ኤርትራ፡ ምእዝዝቲ ብሕግን ተቐባሊት ፍርድን ምኳና ብዓለም ዝተመስከረ ክንሱ፡ ንዘይውዓለቶ ገበን ብምፍጣር፡ ኣብ መስርዕ ናይ ተግባረ ሽበራ ንምእታዋ ዝግበር ዘሎ ፈተነ፡ ኣጥቢቕና ኘኹንን።

5. መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ዞባና ሰላም ንክሰፍን ዘካይዶ ዘሎ ዘይሕለልን ውሓለን ዲፕሎማስያዊ ቃልሲ፡ ነሞጉስ።

6. መንግስቲ ኤርትራ፡ ንመትከል ርእሰ ሙርኮሳ ተኸቲሉ፡ ሃገርና ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽን ብኩሉ እንትንኣ ንክትግስግስን ዘካይዶ ዘሎ ተባዕ ቃልሲ ንንእድን ነድንቕን።

7. ደጀን ህዝቡን ኩርዓት ሃገሩን ዝኾነ ምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ፡ ነቲ መዘና ዘይርከቦ ናይ ተወፋይነትን ተበጃውነትን ዕላምኡ ቅድሚ ሂወቱ ብምስራዕ፡ ኣብ መኸተ ልምዓት ዘንጸባርቆ ዘሎ ብትኣምር ጥራሕ ዝግለጽ ምስትንክራዊ ዓወታቱ፡ ብኣንክሮት ነድንቕን ነሞግስን።

8. ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝብና፣ ነቕ ዘይብል ጽንዓቱ ተኣንጉቱ፣ ንኩሉ ናይ ተጻብኦ ፍሕሶታት እናቓለዐን እናበደሀን፣ ምስጢር ዓወቱ ሓድነቱ ምዃኑ፣ ሕሰሙ ብራህዋን ሰላምን ክድበስ ምዃኑ፣ ራእዩ ዘየጣራጥርን ዘየወላውልን ምዃኑ ብዘለዎ ጽኑዕ እምነት፣ ክምህ ከይበለ ብልዑል ዓቕሊ ዘካይዶ ዘሎ ቀጻሊ መኸተ ነሞጉስ። ኣካሉ ብምዃና ድማ ንሸጉርዕ።

9. ኣብ ወጻኢ ዘሎ ህዝብና፣ ብሃሱሳትን ዑሱባትን ከይተዳናገረ፣ ኣብ ጎድኒ ህዝቡን መንግስቱን ጸኒዑ ደው ብምባል፣ ኣብ ታሪኽ ዘመዝግቦ ዘሎ ኣድማዒ ኣበርክቶ ብምምጓስ፣ ብዝልዓለ ናህሪ ክቕጽሎ ነታባብዕ።

10. ልዕሊ ኩሉ ድማ መንግስቲ ኤርትራ፣ ብዓለምለኻዊ ውዲታት ከይተታለለ፣ ብናይ ሓያላት ኢና ብሃልቲ ምጉብዕባዕ ከይሰግአ፣ ሕድሪ ሰማእታት ከይጥለምን ከይካሓድን፣ ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ከማልእ ብንጹር ራእይ እናተመርሐ፣ ኣብ ኩሉ ጽላታት ዘካይዶ ዘሎ ዕዉት ስራሓት እናሞጎስናን እናነኣድናን፣ ሎሚ ከም ትማሊ ኣብ ጎድኑ ብምስላፍ፣ ኩሉ ካባና ዝሕተት ዘበለ፣ ጉልበታውን ንዋታውን ሞራላውን ደገፍና ከነወፊ ድሉዋት ምዃና ቃል ብምእታው መብጽዓና ነሐድስ። ከም መርኣያ ተበግሶናን ቅሩብነትናን፣ ኣብ ምክልኻል ሃገር ዝውዕል ነፍሲ ወከፍና $500 ከነወፊ ንውስን።

ሎሚ ከም ትማሊ፣-

ሓደ ልቢ ሓደ ህዝቢ ንውሕስነት ልኡላውነት ሃገርና!
ሓደ ልቢ ሓደ ህዝቢ ንምሕያል ሓድነት ህዝብና!
ሎማ'ውን ንኩሉ ተጻብኦታት ክንምክት ኢና!

ሰማእታትና ንዘልኣለም ብክብሪ ይዘከሩ!
ኦክላንድ፣ (ሕ.መ.ኣ.)
ሓደ ታሕሳስ 2007